ዝኸበርኩም ናይ 4ይ ክፍሊ ስድራቤታት

ኣብ ናይ ኣትክልቲ ስፍራ ፕሮግራም ናይዚ ዓመት 4ይ ክፍሊ ብዛዕባ ናይ ስድራቤት ምግቢ ታሪኽን ባህልን ይመሃሩ ኣለዉ። ዕላምኡ ከዓ ብዛዕባ ንስድረኦምን ንሕብረተሰቦምን ፍልይ ዝበሉ ምግብታት ብዝበለፀ ንኽመሩ እዩ።እዚ ፍልጠት እዙይ ውን ኣብ ኣትክልቲ ስፍራ ክነዕብዮም እንኽእል ሓደሽቲ ኣዝርእቲ ንምምርማር ይጠቕሞም።ትልምና ኣብ ናይ 5ይ ክፍሊ ናይ ትምህርቲ ዓመት እዞም ሓደሽቲ ኣዝርእቲ ኣብ ናይ ኣትክልቲ ስፍራ ንምዕባይ እዩ።

እዚ ኣብታሕቲ ዘሎ መፀዋዕታ ንተምሃሮ ነካፍሎም ኣለና ንስኻ ግና ቅዳሕ ንኽህልወካ ንደሊ ኢና፤ ኣብቲ ናይ ቃለ መሕትት ፕሮጀክቶም ናትካ ድጋፍ ክደልዩ ስለዝኽእሉ። ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኻ ወይ ከዓ ምስቲ ቃለ መሕትት ተተሓሒዙ ቆልዓኻ ሓገዝ ዝደሊ እንተኾይኑ ኢሜል ፀሓፈልና! ብዛዕባ እዚ ፕሮጀክት ኣብ website. ብምእታው ብዝበለ ክትምሃር ትኽእል ኢኻ።

ዝበለፀ ይምነየልካ
Farmer Leila and Jen
tunnelll@arps.org / reesej@arps.org

---

ናይ 4ይ ክፍሊ ሰብ ሞያ ናይ ኣትክልቲ ስፍራ ከመይ ኣለኹም!

ኣብ ዝሓለፈ ኣብዝተራኸብናሉ ግዘ ብዛዕባ ስድራቤት ናይ ምግቢ ባህሊን ታሪኽን ከመይ ከምእንመሃር ንዓበይቲ (ካባና ንዝዓብዩ ሰባት) ብምሕታት ኣውጊዕና ኔርና ሐዚ ናትካ ዕድል እዩ!

ኣብ ዝቐፅል ውሑዳት ሰሙናት ንዓበይቲ ሰባት ቃለመሕትት ንኽትገብር ንዕድመካ፡ ብዛዕባ ናይ ስድራቤትካ ናይ ምግቢ ታሪኽን ባህልን ንኽትመሃር እንተደሊኻ ንወለድኻ፣ ሓትኖ/ኣሞ፣ ሐው ኣቦ/ኣኮ፣ ኣቦ/እኖ ሓጎ ወድሓትኖ/ወዲሐውኣቦ ወይ ንካሊእ ናይ ስድራቤትካ ሰብ ቃለመሕትት ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ ናይ ካልእ ሰብ ስድራቤት ናይ ምግቢ ታሪኽን ባህልን ንኽትመሃር እንተደሊኻ ንመምህር፣ ጎረቤት፣ ናይ ስድራቤትካ መሓዛ፣ ወይ ንኻሊእ ዝተፈለየ እትፈልጦ ሰብ ቃለመሕትት ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

ከመይ ከምዝስራሕ ኣብዙይ እንሆ። እዙይ ከም ቼክሊስት ክትጠቀመሉን ኣብ ሕድሕድ ስቴፕ ክተረጋግፅ ትኽእል ኢኻ።

**(1)** ቃለመሕትት ክትገብረሉ እትደልዮ ሰብ ሕሰብ።
ዋላውን ንክልተ ወይ ሰለስተ ሰባት ክትሓስብ ትኽእል ኢኻ ዝሓሰብካዮም ሓዲኦም ዘይክርከቡ ስለዝኽእሉ

**(2) ፍሉይ ንትብሎ ሰብ ቃለ መሕትት ንምግባር ክትፅውዖ ትኽእል ኢኻ።**
ንቲ ሰብ ንምርካብ ንኽሕግዘካ ንቲ ተንከባኻቢ ሕተት። ንሓደ ሰብ ንቓለመሕትት ንምሕታት እንትትሓስብ ሐገዝ እንተደሊኻ ምኽሪ ንምርካብ ናብ ካልኣዋይ ገፅ ናይ እዚ ደብዳቤ ተመልከት።

**(3) ናይ ቃለ መሕትትካ ናይ ግዘ ሰሌዳ ኣውፅእ።**
ተንከባኻቢ ንዓኻን ሕቶ ንዝቐርበሉ ሰብን ክህግዘኩም ይኽእል እዩ። (<-- ማለት ንቲ ቃለ መሕትት እተቕርበሉ ሰብ) ግዘ ረኺብካ ብከመይ ቃለ መሕትት ከም እትገብር ወስን(እዚ ስብ ካብ ቤተሰብካ ወፃኢ እንተኾይኑ እትረኽበሉ ግዘ ተጠቐም፣ ስልኪ ምድዋል ወይ ካልእ ውሑስ ዝኾነ ኣካላዊ ርሕቐት ብዘለዎ መንገዲ)

**(4) ቃለ መሕትትካ ኣካይድ !**

ዝመረፅካዮ ናይ ቃለ መሕትት ቴምፕሌት ተጠቐም (Google Doc or Google Slides)። እቶም ትምፕሌታት ካብ ክፍሊ ሒዝካዮም ብዝመፃኻ ሕቶታት ዝተዳለዉ እዮም። እንትትሰርሕ ናይ ተሓታታይ መልስታት ፀሓፎም። ባፅሕ ወይ ዝዓበየካ ኛይ ስድራቤት ኣባል እቲ ተሓታታይ እንታይ ይብል ከምዘሎ ክፅሕፈልካ ይኽእል እዩ። ናይ ባፅልኻ ሕቶታት እውን ናብቲ ቴምፕሌትካ ክትውስኽሉ ትኽእል ኢኻ።

**(5) ቃለ መሕትትካ ንኻልኦት ኣካፍል።**

ቃለመሕትትካ ምስወዳእኻ ዶኩመንትኻ ኣቕሚጥካ ናብ ጀን (reesej@arps.org) ን ፋርመር ለይላን ([tunnelll@arps.org](mailto:tunnelll@arps.org)) ኣሕልፎ። ዶኩመንትኻ ንቲ ቃለመሕትት ዘገበርካሉ ሰብ ውን ክትህቦ ትኽእል ኢኻ። በይዛኻ ናባኻ ድማ ክሳብ **ጥሪ 17/ 2021** ለኣኽልና።

ምስ ፍሉይ ዓብይ ሰብ ቃለ መሕትት ብምግባርካ ደስታ ከምዝረኸብካን ብዛዕባ ናይ ምግቢ ታሪኽን ባህልን ብዙሕ ከምዝተምሃርካን ተስፋ ንገብር። ሕቶታት እንተሃልዮሙኻ ወይ ግር ዝበለካ እንተሃልዩ በይዛኻ ኢሜል ግበረልና(ኢ-ሜል ኣድራሻታት ኣብታሕቲ ኣለዉ) ክንሕግዘካ ኢና።

ዘካየድካዮ ቃለመሕትት ንምንባብን ካባኻን ካብ ዝኣደምካዮም ፍሉያት ሰባትን ትምህርቲ ንምውሳድ በሃንቀውታ ንፅበ።

---

ንሓደ ሰብ ንቃለ መሕትት ክትፅውዕ ከለኻ ክትብሎ ወይ ክትፅሕፎ እትኽእል ናይ ምኽሪ ሓሳብ፥

*ክቡር [ናይ ሰብ ስም ኣቕምጥ___,*

ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ናይ ስድራቤት ምግቢ ታሪኽን ባህልን ንመሃር ኣለና። ብዛዕባ ንስድራቤትናን ማሕበረሰብናን ፍሉያት ዝኾኑ ምግብታት ብዙሕ ክንመሃር ንደሊ ኢና። ደሓር ድማ እዚ ሓበሬታ ሓደሽቲ ኣዝርእቲ ንምምራፅን ኣብ ናይ ቤትትምህርትና ናይ ኣትክልቲ ቦታ ንምፅባይን ክንጥቀመሉ ኢና! ምስ እዙይ ዝተሓሓዝ ስነ ጥበባዊ ፕሮጅክት ውን ክንሰርሕ ኢና።

*ንዝተወሰነ ክፋል ናይዚ ትምህርቲ ንሓደ ፍሉይ ሰብ ቃለ መሕትት ክንገብር ኢና። ቃለ መሕትት ክገብረልካ ይደሊ እየ! ቃለ መሕትት ንምግባር ግዝ እነተሃልዩካ ስድራቤተይ ውን ንኽፈልጡን ትልሚ ውን ንኽነውፅእን ኣፍልጠኒ ኢኻ።*

*የመስግን!*
*[ብስምካ ፈርም]*